# ብዛዕባ ውሁድ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ስልጠና

ኣብ ጀርመን ድሮ ን ንውሕ ዝበለ እዋን ዝቅመጡ ዘለዉ ስደተኛታት፣ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዜጋታት፣ ዜጋታት ናይ ሓንቲ ኣባል ቁጠባዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ከምኡ ድማ ናይ ጀርመን ዜግነት ዘለዎም ኮይኖም ግን ከኣ ዉሑድ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ዘለዎም

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ዜጋታት፥

ከም መጠን ወጻእተኛ ዜጋ ኣብ ጀርመን ድሮ ን ንውሕ ዝበለ እዋን ትነብሩ እንተለኹም ወይ ናይ ሕብረት ኤይሮፓ ዜጋ፣ ዜጋ ናይ ሓንቲ ኣባል ቁጠባዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ከምኡ ድማ ናይ ጀርመን ዜግነት ሃልይኩም ግን ከኣ ዉሑድ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ምስ እትውንኑ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፍልሰትን ስደተኛታትን ኣብቲ ዝወሃብ ውሁድ ስልጠና ንክትሳተፉ መመልከቲ ከተቅርቡ ትኽእሉ።

ህጻናት ፡ መንእሰያትን ዘይሸምገልኩም ዓበይትን ዝኾንኩም ኣብ ትምህርቲ ትሳተፉ ዘለኹምን ናብዚ ውሁድ ስልጠና ክትሳተፉ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ውሁድ ስልጠና ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ሓፈሻዊ ውሁድ ስልጠና ክልተ ክፋላት ዘለዎ ኮይኑ ፡ ናይ ቋንቋ ስልጠናን ናይ ኣንፈት መውሃቢ ስልጠናን።

ኣብቲ ናይ ቋንቋ ስልጠና ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትኩም እትጥቀሙሎም ንክትጽሕፉን ንክትዛረቡን ዝሕግዙ ቃላት ክትመሃሩ ኢኹም። እዚኦም ምስ ሰብ መዚታት ክትራኸቡ ፡ ምስ ጎረባብትኹምን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኹምን ክትዘራረቡን ፡ ደብዳቤታትን ፎርምታትን ክትመልኡ ከለኹም ንምሕጋዝ ዘጠቓልሉ እዮም።

እቶም ናይ መውሃቢ ኣንፈት ስልጠናታት ከኣ ብዛዕባ ኣብ ጀርመን ዝገጥመኩም ሂወት ዝሕብሩ እዮም። እዚኣቶም ብዛዕባ ስርዓት ሕግን ፡ ባህልን ናይ ቀረባ ድሕረ ባይታ ናይታ ሃገርን ንክትፈልጡ ዝሕግዝኹም እዮም።

ሓፈሻዊ ውሁድ ስልጠናታት 600 መምሃሪ ትሕዝቶታት ናይ ቋንቋ ስልጠና ዘጠቓልሉ (ሓንቲ መምሃሪት ክፍሊ 45 ደቓይቕ ዝሓዘት ) ን 100 መምሃሪ ትሕዝቶታት ናይ መውሃቢ ኣንፈት ስልጠናታትን ዘጠቓልሉ እዮም። እቶም ናይ ቋንቋ ስልጠና ሹዱሽተ ናይ ስልጠና ክፋላት ዘለዎም ነብሲ ወከፎም 100 መምሃሪ ትሕዝቶታት ዝሓቖፉ እዮም። እቶም ናይ መጀመርታ 300 መምሃሪ ትሕዝቶታት መሰረታዎ ስልጠና ተባሂሎም ይጽውዑ ፡ እቶም ዝስዕቡ 300 መምሃሪ ትሕዝቶታት ከኣ ምዕቡላት ናይ ቋንቋ ስልጠና ይበሃሉ።

ብተወሳኺ ፍሉያት ናይ መውሃቢ ኣንፈት ስልጠናታት ኣለዉ ፡ ንኣብነት ንደቂ ኣንስትዮ ፡ ንወለዲ ፡ ንመንእሰያት ፡ ብግቡእ ከንብቡን ክጽሕፉን ንዘይክእሉን። እዚኦም 1000 ናይ መምሃሪ ትሕዝቶታት ኣለዎም።

እንተደኣ ደኣ ብፍሉይ ቅልጡፋት ተመሃሮ ኮንኩም ናብቲ ጽዑቕ መደብ ናይ ስልጠና ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ናይ መደብ ውሁድ ስልጠና ዝህብ ትካል ፡ ማለት "ወሃቢ ስልጠና" ፡ ቅድሚ እቲ ስልጠና ምጅማርኩም ኣበይ ከምእትምደቡ ዝውስን ፈተና ክህበኩም እዩ። እዚ ፈተና ፡ ኣበይናይ ስልጠናን ክፍሊ ናይ ስልጠናን ተመዲብኩም እንተጀመርኩም ከምዝሕሸኩም ዝሕግዝ እዩ። እዚ ናይ መመደቢ ፈተና ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት እዩ ዝፍጸም።

ምውሳድ ናይ መዘዘሚ ፈተና

እቲ ናይ መዘዘሚ ፈተና ናይ ቋንቋ ፈተናን ፡ ኣብቲ መወዳእታ ናይ ኣንፈት መውሃቢ ስልጠና ዝወሃብ "ምንባር ኣብ ጀርመን"

KNr. 630.009o Tiginya BAMF 05/2023

ዝብል ፈተናታትን ዝሓቐፈ እዩ። እተደኣ ብቑዕ ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለት (ቋንቋ ደረጃ B1) ኣንጸባሪቕኩም ኣብቲ ናይ ቋንቋ ፈተናን ፡ እንተደኣ ነቲ ናይ "ምንባር ኣብ ጀርመን" ፈተና ሓሊፍኩሞን ነቲ ውሁድ ናይ ስልጠና መደብ ብዓወት ዘዚምኩም ኣለኹም። ብድሕሪኡ እቲ „Zertifikat Integrationskurs". "ምስክር ወረቐት ናይ ውሁድ ስልጠና" ክትቕበሉ ኢኹም።

እንተደኣ ንሓዲኡ ወይ እውን ክልቲኡ ፈተናታት ብግቡእ ዘይዛምኩሞ ከኣ ንውጺኢትኩም ዝገልጽ ናይ ምስክር ወረቐት ክትወሃቡ ኢኹም።

ኣብቲ ናይ መዘዘሚ ፈተና ንምስታፍ ነጻ ካብ ዝኾነ ክፍሊት እዩ።

ብልጫታት ኣብ መደብ ናይ ውሁድ ስልጠና ምስታፍ

ካብ ኣባላት ኤውሮጰዊ ሕብረት ወጻኢ ዝመጹ ወጻእተኛታት ኣብ ጀርመን ቀዋሚ ናይ ምንባር መሰል ክረኽቡ እንተደኣ ደልዮም ነቶም ዝድለዩ ቅድመ ኩነታት ከማሉዎም ግዴታ ኣለዎም። ካብ ሞንጎ እቶም ዝድለዩ ቅድመ ኩነታት ፡ እኩል ኣፍልጦ ናይ ቋንቋ ጀርመን ክህልወኩም ግድነት ኮይኑ ፡ ከሙኡ እውን መሰረታዊ ኣፍልጦ ብዛዕባ ስርዓተ ሕግን ፡ ማሕበራዊ ስርዓትን ፡ ኩነታት ናብራ ኣብ ጀርመን ክፈልጡ ኣለዎም። እዘም ቅድመ ኩታት እዚኣቶም ነቲ ናይ ውሁድ ስልጠና መደብ ብግቡእ ብምዝዛም እዮም ክማልኡ ዝኽእሉ። ብተወሳኺ ፡ ኣድላይ እንተኾኑ ነዚ ብምግባርኩም ኣቐዲምኩም ዜግነት ክትወሃቡ ትኽእሉ ኢኹም። ካልእ ከኣ ፡ እቶም ኣብቲ ናይ ውሁድ ስልጠና ዘለዉ ናይ ቋንቋ ስልጠናታት ምልከት ቋንቋ ጀርመን ከምእተጥርዩ ስለዝገብር ንጥፈታት መዓታዊ ሂወትኩም ኣብ ምቕላልን ኣብቲ ናይ ዕዮ ዕዳጋ ስራሕ ንክትረኽቡ ዕድላትኩም ክዓብን ይሕግዘኩም።

ፍቃድ ካብ ቤት ጽሕፈት ፈደራላዊ ኣብ ውሁድ ስልጠና ንምስታፍን ምዝገባ ምስ ወሃቢ ስልጠናን

ነቲ ፍቃድ ንምርካብ ዝምላእ ቕጥዒ ብምሉእን ብዝንበብ ኣገባብን ምልእዎ። እቲ ዝሃብኩሞ ኣድራሻ ብ ናይ ካልእ ሰብ ስም እንተኾይኑ ነቲ „Ggf. wohnhaft bei (c/o)" „ተቀማጢ ምስ" ዝብል እውን ምልኡ፣ እዚ ምስ ዘይግበር እቲ ደብዳቤ ክበጽሓኩም ኣይኽእልን እዩ። እቲ ኣብ መመልከቲ ተዘርዚሩ ዝርከብ ሰነዳት ምስ'ዚ ብምትሕሓዝ ናብቲ ኣብኡ ተገሊጹ ዘሎ ኣድራሻ ስደድዎ።

እንተደኣ ኣብቲ ናይ ውሁድ ስልጠና መደብ ክትሳተፉ ዝግበኣኩም ኮይኑ፡ ናይ ጽሑፍ መረጋገጺ ሓበሬታ „Berechtigungsschein" „ምስክር ወረቐት ናይ መሰል" ካብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ክወሃበኩም እዩ። ወሃብቲ ስልጠናን ናብቲ ትነብሩ ሰፈር ዝቐረበ ቦታ ስልጠናን ፡ ከሙኡ እውን ዝምልከተኩም ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤት ጽሕፈት ፈደራላዊ መንግስቲ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ ፡

https://bamf-navi.bamf.de/de/

እቲ ኣብ ውሁድ ስልጠና ክትሳተፉ ዝወሀብ ፍቃድ ን ሃደ ዓመት የገልግል። እዚ ኣብቲ መረጋገጺ ወረቐት ኣብ ትሕቲ „Die Teilnahme-berechtigung ist gültig bis..." „መሰል ናይ ምስታፍ ዘገልግለሉ ዕለት ክሳብ…." ዝብል ክሳብ ዕለት ክንደይ ኣብ ሓደ ወሃቢ ስልጠና ውሁድ ስልጠና ንምውሳድ ክትምዝገቡ ከም እትኽእሉ ይገልጽ። ብጃኹም ናብቲ መደብ ውሁድ ስልጠና ክትምዝገቡ ፡ ናብቲ ዝተሓበረኩም ቤት ጽሕፈት ነቲ ዝተወሃበኩም ምስክር ወረቐት ናይ መሰል ሒዝኩም ብምኻድ ተመዝገቡ። እንተደኣ ፍሉይ እትመሃሩሉ ቤት ጽሕፈት ዘይተዋሃኺብኩም ብዝተኸኣለኩም ናብ ዝቐረበኩም ዝመረጽኩሞ ወሃቢ ስልጠና ብምኻድ ቀልጢፍኩም ተመዝዘቡ።

ምእንቲ ኣብ ሓጺር እዋን ናብቲ ስልጠና ክትሳተፉ ንምርግጋጽ ቤት ጽሕፈት ፈደራል ናብ ፍሉይ ወሃቢ ስልጠና ክሰደኩም ይኽእል እዩ።

እቲ ወሃቢ ስልጠና እቲ ስልጠና ትጅምሩሉ ዕለት ናይ ግድን ክነግረኩም እዩ። እቲ ስልጠና ካብቲ ዝተመዝገብኩምሉ ኣብ ውሽጢ ሹዱሽተ ሰሙናት ክጅምር ይግባእ። እንተደኣ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ እዋን እቲ ስልጠና ዘይተጀሚሩ እቲ ወሃቢ

ስልጠና ናይ ግድን ሓበሬታ ክህበኩም እዩ።

በጃኹም ኣስተውዕሉ ፡ እቲ መሰል ናይ ምስታፍኩም ክሓርር እዩ ፡ እንተደኣ ድሕሪ ምምዝጋብኩም ንስኹም ሓላፍነት ብእትወስዱሉ ምኽንያታት ነቲ ውሁድ ስልጠና ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዘይጀመርኩሞ ፡ ወይ እውን እንተደኣ ነቲ ስልጠና ምስ ጀመርኩሞ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ኣብ ሞንጎ ምስታፍ-ስልጠናኹም ኣቋሪጽኩም።

ግቡእ ተሳትፎ ስልጠና

ምእንቲ ንዕላማታት ውሁድ ስልጠና ብግቡእ ክትጭብጡ ነቲ ስልጠና ብግቡእ ክትሳተፍዎ ይግበኣኩም። እዚ ማለት ፡ ነቶም ናይ ትምህርቲ ትሕዝቶታት ክሳብ ምዝዛም ስልጠና ብግቡእ ክትሳተፍዎምን ነቲ ናይ መዛዘሚ ፈተና ክትወስድዎም ኣለኩም። እንተደኣ ደሊኹም ወሃቢ ስልጠናኹም ነቲ ስልጠና ብግቡእ ከምዝተሳተፍኩሞ ዝገልጽ ናይ ጽሑፍ ምስክርነት ክህበኩም ይኽእል እዩ።

ክንክን ህጻናት

እንተደኣ ሓገዝ ክንክን ህጻን ደሊኹም ናብ ውሁድ ስልጠና ክትሳተፉ በጃኹም ነቲ ወሃቢ ስልጠና ተወከስዎ። እቲ ወሃቢ ስልጠና ብዛዕባ እቶም ዘለዉ ኣማራጺታት ክንክን ህጻናት ሓበሬታ ክህበኩም እዩ።

ምቕያር ወሃቢ ስልጠና

ከም መትከል ፡ ድሕሪ ምዝዛም ክፋል ስልጠና ጥራይ ኢኹም ወሃቢ ስልጠና ክትቅይሩ ትኽእሉ። ቅያር ዝፍቀዱሉ ኣብ ፍሉያት ፍጻሜታት ጥራይ እዩ ፡ ብፍላይ እንተደኣ ናብ ካልእ ሰፈር ትግዕዙ ሃሊኹም ፡ ኣብ ሞንጎ ናይ ተወሳኺ ሰዓትን ሙሉእ ግዜን ናይ ስልጠና ሰዓታት ምቅይያር ምስዝህሉ ፡ ምስ ክንክን ህጻን ዝተተሓሓዘ ኩነታት ወይ ካልእ ስልጠና ወይ እውን ኣርባሒ ናይ ስራሕ ዕድላት ምስዝፍጠሩ ድሕሪ ስልጠና ምዝዛምኩም።

ብኻልእ ምክንያታት ንምቕያር ዝዕድሙ ኩነታት ምስ ዘጋጥምኹም ነቶም ብሰሪ ዘይምስታፍኩም ዘይተማሃርኩሞም ክፋላት ስልጠናታት ክትከስርዎም ኢኹም።

ፍቓድ ኣብ ዝተወሃቦ ናይ ምቕያር ሃዋሁው እቲ ወሃቢ ስልጠና ነቲ ምስክር ወረቐት ናይ መሰል ምስታፍኩም ናይ ግድን ክመልስልኩም እዮም።

ዋጋታት ውሁድ ስልጠና

ነቲ ወሃቢ ስልጠና ኣብ ነፍሲወከፍ ትምህርቲ 2,29 ዩሮናይ ግድን ኽትከፍልዎ ኣለኩም። እዚ ክፍሊት ቅድሚ እተን ነብሲ ወከፍ ናይተን 100 ናይ ትምህርቲ ትሕዝቶታት ዝሓዛ ክፋላት ምጅማርኩምን ፡ ቅድሚ እቲ ናይ ኣንፈት መውሃቢ ስልጠና ምጅማርኩምን ክትከፍልዎ ኣለኩም ናይ ግድን። እንተደኣ ካብ ክፍሊ ቦኺርኩም እቲ ክፍሊት ናይቲ ዝቦኸርኩሞ ክፋላት ስልጠና ናባኹም ኣይምለሰልኩምን እዩ። እንተደኣ ናትኩም ዝኾነ ኣታዊታት ዘይብልኩም ኮይኑ እቲ ንክሕግዘኩም ሓላፍነት ዝተሰከመ ኣካል ነቲ ክፍሊት ናይ ግድን ክኸፍሎ ኣለዎ።

ካብቲ ክፍሊት ክትመሓሩ ትኽእሉ እንተደኣ ናይ ናይ ዜግነት ኣበል ወይ ሓገዝ ናይ ናብራ (ማሕበራዊ ሓገዝ) ትቕበሉ ኮይንኩም ፡ ወይ ከኣ ንኻልእ ምኽንያታት ገንዘባዊ ጠለባት ምስዝህልዉኹም እዩ። ብተወሳኺ ፡ ካልእ ካብ ክፍሊት ትመሓሩሉ ምኽንያት ከኣ እንተደኣ ትሰርሑ ኮንኩም እሞ ድምር ወርሓዊ መሃያኹም ካብ ዝተወሰነ ዘይሓልፍ ኮይኑ ፡ ዝያዳ ከኣ ናይ ቆልዑት ሓገዝ ትኽፍሉ እንተኾንኩም እዩ። ዓመታዊ ዝቕየር ፡ ዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታን ልክዕ መጠን ገንዘብን ኣብቲ ህሉው መመልከቲ ቅጥዒን ፡ ኣብ https://www.bamf.de/ik-kostenbefreiung ክትውከሱ ትኽእሉ።ምሕረት

ናይ ክፍሊት ዝምልከተኩም እንተኾይኑ ናብቲ ዝምልከተኩም ናይ ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤት ጽሕፈት ፈደራል ብጽሑፍ ጌርኩም ከተምልክቱ ኣለኩም።

በጃኹም መረጋገጺ ገንዘባዊ ጠለባትኩም (ቅዳሕ ናይ ዝምልከቶ መረጋገጺ ፡ ንኣብነት ፡ ናይ ዘይሰርሑ ሓገዝ ፡ ኣበል ዜግነት ፡ ማሕበራዊ ሓገዝ ፡ ናይ ሀሉው መሃያኹም መረጋገጺ/መዓልቱ ዘይወደቐ ድምር ወርሓዊ መሃያኹም ዘርኢ ስምምዕ ናይ ስራሕ ከሙኡ እውን መረጋገጺ ሓገዝ ናይ ቆልዑ ከምእትኽፍሉ ዘርኢ ፡ ናይ ቀረባ ግዜ ናይ ኣታዊታት ግብሪ ዝኸፈልኩምሉ መረጋገጺ ምስክር ወረቐት ወይ ባዕልኹም ዘዳለኹሞ ናይ ELStAM፡ ናይ ገዛ ክፍሊት ፡ BAFöG፡ ደገፍ ናይ ቆልዑ ፡ ኣታዊታት ብመሰረት ናይ ሓገዝ ሕጊ ሓተትቲ ዑቕባ ፡ ምሕረት ካብ ክፍሊታት መዓልቲ ክንክን ፡ ምሕረት ካብ ክፍሊታት መቃልሒታት ፡ ዘባዊ ማሕበራዊ ቅብሊት ፡ ወዘተ)።

እንተደኣ ተኻኢሉ ፡ በጃኹም ነቲ ናይ መሕተቲ ምሕረት ካብ ክፍሊት መመልከቲኹም ቅድሚ እቲ ስልጠና ምጅማሩ ኣቕርቡዎ። እንተደኣ ኣብ ሞንጎ እቲ ናይ ስልጠና እዋን ኣቕሪብኩሞ ፡ እቲ ጠለብ ናይ ምሕረት ካብ ክፍሊት ነቲ ዝሓለፈ ስልጠና ዝጀመሩ እዋን ኣእትዩ ኣይጸድቕን እዩ።

ናይ ጉዕዞ ወጻኢታት

ብ ቤት ጽሕፈት ፈደራል ካብ ክፍሊት ክትመሓሩ እንተደኣ ተወሲንልኩም ፡ ናብቲ ውሁድ ስልጠና ንክትሳተፉ ናይ መሸፈኒ ጉዕዞኹም ድጎማ ክትቅበሉ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ድጎማ ብጥቕሉል ኣብ ሓደ ግዜ ዝወሃብ እዩ። ይኹን ደኣምበር ፡ እቲ ቅድመ ኩነት ኩሉ ግዜ ከምዘመልክቶ እቲ ቦታ ስልጠና ካብቲ ትነብሩሉ ገዛ ብውሕዱ ናይ 3 ኪሎሜተር ርሕቐት ምስዝህልዎ እዩ ድጎማ ዝፍቀደልኩም። ነቲ ናይ መሸፈኒ ጉዕዞ ድጎማ ክወሃበኩም ናይ ግድን ናብቲ ዝምልከቶ ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤት ጽሕፈት ፈደራል መመልከቲኹም ከተቕርቡ ኣለኩም። እቶም ቤት ጽሕፈታት ኣብ ኢንተርነት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡ https://bamf-navi.bamf.de/de/

ድግማ ክሳብ ዝበዝሐ 300 ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ትሕዝቶታት

ኣብ ትሕቲ ዝተወሰኑ ኩነታት ፡ ክሳብ 300 ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ትሕዝቶታት ክትደግሙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ዝኾነሉ ፡ ነቲ ናይ ቋንቋ ስልጠና ሙሉእ ብሙሉእ ወሲድኩሞ ከተብቅዑ ፡ ድሕሪ ምዝዛም ስልጠናኹም ፈተና ተሳቲፍኩም ዘየዕግብ ነጥቢ ምልከት ናይ ቋንቋ ጀርመን ምስተመዝግቡ እዩ (ናይ ቋንቋ ደረጃ B1)።

ነቲ ስልጠና ንምሕዳስ መመልከቲ መሕተት ምቕራብ የድሊ እዩ። በጃኹም ነቲ መመልከቲ ናብቲ ዝምልከቶ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤት ጽሕፈት ፈደራል ኣቕርብዎ።

ኣብ ስልጠና ምጥፋእ መሃይምነት ትሳተፉ እንተደኣ ሃሊኹም ፡ ምእንቲ ነቲ 300 መምሃሪ ትሕዝቶታት ክትደግሙ ኢልኩም ነቲ ናይ ቋንቋ ፈተና ኣቐዲምኩም ክትሳተፍዎ ኣይደልየኩምን እዩ ።

ምምላስ ክፍሊት ዋጋ ናይ መምሃሪ

እንተደኣ እቲ መሰል ናይ ምስታፍ ናብቲ ውሁድ ስልጠና ብ 31.01.2023 ተዋሂብኩም እዚ ዝስዕብ ይምልከተኩም እዩ፡

ድሕሪ 08.12.2007 ናይ መወዳእታ ፈተና ብዓወት እንተወሲድኩምን ፡ ካብቲ ናይ ፈለማ ናይ ምስታፍ መሰል ዝተወሃበኩም ክሳብ እቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ዝወሰድኩምሉ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ምስ ዘይሓልፍ ፡ቤትጽሕፈት ፈደራል ካብቲዝኸፈልኩሞ ናይ መምሃሪ  ዋጋ 50 % ክምለሰልኩም ይኽእል እዩ ። ገንዘብኩም ክምለሰልኩም ናይ ግድን ናብቲ ዝምልከቶ ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤት ጽሕፈት ፈደራል መመልከቲኹም ኣቕርብዎ።

ድሕሪ 01.02.2023 ንዝወጸ ናይ መሰል ተሳታፍነት ፡ እቲ ገደብ ግዜ ክልተ ዓመት እዩ  እንተደኣ ኣብቲ ሓፈሻዊ ውሁድ ስልጠና ተሳቲፍቲ ኮይንኩም።

እንተደኣ ኣብቶም መደባት ፍሉያት ናይ ውሁድ ስልጠናታት ( ንኣብነት፡ ምጥፋእ መሃይምነት ፡ ናይ ካላኣይ ቋንቋ መምሃሪ ስልጠና ፡ ናይ ስድራቤት ወይ ደቂ ኣንስትዮ ውሁድ ስልጠና ፡ ናይ መንእሰያት ውሁድ ስልጠና) ትሳተፉ ኣለኹም እቲ ገደብ ሰለስተ ዓመት እዩ።

ተወሳኺ ክትፈልጥዎም ዝግበኣኩም

ነቶም ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ተጠቒሶም ዘለዉ መመለክቲ ቕጥዕታት ካብ ወሃብቲ ስልጠና ፡ ካብ ሰብ መዚ ወጻእተኛታት ፡ ወይ ካብቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤት ጽሕፈት ፌደራል ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ካብ ኢንተርነት እቶም መመልከቲ ቕጥዕታት ካብዚ ዝስዕብ መወከሲ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ https://www.bamf.de/formulare

ከሙኡ እውን መመልከቲ ቕጥዕታትኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ፌደራል ብዲጂታላዊ መንገዲ ክትልእክዎም ትኽእሉ ኢኹም ናብቲ ናይ ፌደራል ፖርታል።

እዞም ዝስዕቡ መመልከቲ ቅጥዕታት ብዲጂታል ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡

- መመልከቲ ቅጥዒ መመዝገቢ ናብ መደብ ውሁድ ስልጠና
- መመልከቲ ቕጥዒ መመዝገቢ መድገሚ ክሳብ 300 ናይ ቋንቋ መምሃሪ ትሕዝቶታት
- መመልከቲ ቕጥዒ መሕተቲ ምሕረት ካብ ክፍሊት ናይ ውሁድ ስልጠና
- መመልከቲ ቕጥዒ መሕተቲ ናይ ጉዕዞ ድጎማ መፍቀዲ
- መመልከቲ ቕጥዒ መምለሲ 50 % ክፍሊት ካብ ዝተኸፈለ ዋጋ መምሃሪ

እዚ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ናብቲ ናይ መርበብ መመልከቲ ፖርታል ናይ ፌደራል ክወስደኩም እዩ፡

ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ናብቶም ናይ መመልከቲ መርበባት

ኩሎም ተወሰኽቲ ሓበሬታ ብዛዕባ መመልከቲ ብመርበብ ኣብዚ ክርከቡ ይኽእሉ፡

ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ንሓበሬታ ናይ መርበብ መመልከቲታት

ብኽብረትኩም ብዛዕባ እቶም ማእከላት ምኽሪ ፍልሰትን ናይ መንእሰያት ኣገልግሎት ፍልሰትን ብዛዕባ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት እውን ኣስተውዕሉሎም ኢኹም። ንሳቶም መመልከቲ ቕጥዕታትኩም ኣብ ምምላእ ፡ ሕቶታትኩም ኣብ ምምላስን ሽግራትኩም ኣስተውዒሎም እቲ ንዓኹም ዝሰማማዕ መደብ ውሁድ ስልጠና ኣብ ምርካብ ክሕግዝኹም እዮም። እቶም ማእከላት ምኽሪ ፍልሰትን ናይ መንእሰያት ኣገልግሎት ፍልሰትን ኣብ ከባቢኹም ንዝርከቡ ሰብ መዚ ወጻእተኛታት ፡ ዘባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤት ጽሕፈት ፈደራል ፡ ወይ እውን ካብ ኢንተርነት https://bamf-navi.bamf.de/de/ተወኪስኩም ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ነቶም ኣብ ውሁድ ስልጠና እንዳተሳተፍኩም ዘጋጥሙኹም ቀንድን ኣገደስትን ሓበሬታታት ዝሓዘ እዩ። ዝኾነ ተወሰኽቲ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኹም ከኣ እቲ ወሃቢ ስልጠና ክምልሰልኩም እዩ።

ኣብ መደባት ውሁድ ስልጠና እንዳተሳተፍኩም ንዘጋጥሙኹም ሓደጋታት ዘሸፍን ሕጋዊ ውሕስነት የብልኩምን።

ናብ ውሁድ ስልጠና ኣብ እትሳተፉሉ ኩሉ ዓይነት ዓወት ንምነየልኩም!